**29.12.2022**

# መልእኽቲ ሓድሽ ዓመት 2023

ኣምባ. ዓንደብርሃን ወልደጊዮርጊስ

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡
ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡

ኣቐዲመ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡ ኣብዚ ዋዜማ ሓድሽ ዓመት’ዚ፡ እንቋዕ ብደሓን ናብ ዓመተ 2023 ኣሰጋገረና እብል። ኣስዒበ፡ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ (ሓምኤ)፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ዝያዳ ክልተ ዓመታት፡ ነቲ ብብሉይ ትረኻ ዚሳወር ኣስፋሕፋሒ ህርፋን ብምምካት፡ ንኹሉ ግዳማዊ ተጻብኦታት ብዓወት ብዲሁ፡ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገረ ኤርትራ ኣጽኒዑ ብምውሓሱ፡ ምዉቕ ዮሃና ኣቕርብ።

ኣብዚ መፈለምታ መልእኽተይ፡ ንድሕነትን ልዑላውነትን ህዝቢ ኰነ ንልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገር እናተጣበቕካ፣ ንምልካዊ ስርዓት ምቅዋም፡ ጐዳኢ ሜላታቱን ተግባራቱን ምቅላዕ ኰነ ንለውጢ ምቅላስ፣ ደሞክራስያዊ መሰልን ሃገራዊ ግቡእን ዜግነት ምዃኑ ከስምረሉ እፈቱ።

ጀኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ ኣብ መላግቦ ጋብላ ቀይሕ ባሕርን መፋስሶ ፈለግ ኒልን ዕዙዝ ጀኦስትራተጅያዊ፡ ጀኦፖለቲካውን ጀኦቍጠባውን ዕድል ዘዋድድ ዓቢ ባህርያዊ ጸጋ ኢዩ። እዚ ዓቢ ሃገራዊ ጸጋ’ዚ፡ ነቲ ስልጡን፡ ህርኩትን ጻዕረኛን ህዝብና ዚሕብሕብ፣ ነቲ ዕቑር ፈጠራዊ ዓቕሙ ከማዕብል ዘፍቅድ፣ ባህርያውን ሰብኣውን ጸጋታት ሃገር ኣብ መዓላ ምምሕያሽ ደረጃ መነባብሮ ህዝቢ ንከውዕል ዘጣጥሕ፣ ጽቡቕ ምሕደራ ምስ ዚሕወሶ፤ ኣብ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ምንቍልቋል ምዕባለ፣ ኣብ ክንዲ ድኽነት ሃብቲ፣ ኣብ ክንዲ ጭንቀት ቅሳነት፣ ኣብ ክንዲ ስእነት ራህዋ ምሰፈነ ነይሩ።

ንቅዋም ዚምእዝዝ፡ ብማሕበራዊ ውዕል ዚቕየድ፡ ጽቡቕ ምሕደራ ዘሰላስል ተግባራዊ መንግስቲ ኪተክል እንተ ዚኽእል ነይሩ፣ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዘይ ጥርጥር፡ ብውሑዱ፡ ማዕረ እቶም ካልኦት ህዝብታት ኣፍሪቃ ይኹን ዓለም፡ ሃገሩ ከማዕብል፣ መነባብሮኡ ከመሓይሽ፣ ተግባራዊ ትካላት ኪሃንጽ፣ ፍትሕን ራህዋን ከስፍን ዓቢ ተኽእሎ ነይሩዎ።

ኣብ ክንድኡ፡ ኣብዚ ዚሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ኤርትራ ኣብ መንገዲ ቍልቍለት ተጸሚዳ፡ ኣብ ኵሉ መዳያት ሃገራዊ ህይወት፡ ብቐጻሊ ካብ ኣዝዩ ትሑት ናብ ኣዝዩ ዚተሓተ ደረጃ ኪትወርድ ጸኒሓ። እዚ መግለጺ’ዚ ባዕላዊ ርእይቶ ዘይኰነስ፡ ውድዓዊ ገምጋም ናይቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ጭቡጥ ክዉንነት ኢዩ። ንኣብነት፡ ኣብ 2020 (1) ብመምዘኒ ኣመልካቲ ሰብኣዊ ምዕባለ ሕሃ (UN Human Development Index)፡ ኤርትራ ካብ 191 ሃገራት፡ መበል 176 ትስራዕ፤ (2) ብመምዘኒ ኣመልካቲ ምቹእነት ምስልሳል ዋኒን ሕሃ (UN Ease of Doing Business)፡ ኤርትራ ካብ 190 ሃገራት መበል 189 ትስራዕ፤ (3) ብመምዘኒ ደረጃ ኣጠቓላሊ ምሕደራ ሞ ኢብራሂም (Mo Ibrahim Overall Governance Rank)፡ ኤርትራ ካብ 54 ሃገራት ኣፍሪቃ መበል 52 ትስራዕ።

ዘቤታዊ ክዉንነት ሃገርና ብፖለቲካዊ ልምሰት፡ ቍጠባዊ ምንቍልቋልን ብርቱዕ መድቄስትን ኪሕመስ ከም ዚጸንሐን ጌና ይሕመስ ከም ዘሎን ዚከሓድ ኣይኰነን። እዞም ሳዕቤናት ናይ ሕማቕ ምሕደራ እዚኣቶም ጃምላዊ ፍልሰት ደሪኾም፣ ጠንቂ

ናይ ዳርጋ ምሉእ ማሕበራዊ ዝርገትን ስድራቤታዊ ፍርሰትን ኰይኖም። ኤርትራ፡ ብብዙሕ መምዘኒታት፡ ትሕቲ ዳርጋ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ተሰሪዓ ምህላዋ፣ ብኣሃዛዊ ጭብጥታት ዚረጋገጽ፡ ብህሉው ኩነታት መነባብሮ ህዝብና ዚንጸባረቕ፡ ብዚኾነ ወግዓዊ ወይ ተደናጋጺ ፕሮፓጋንዳ ኪኸወል ዘይክእል ሓቂ ኢዩ።

ብርግጽ፡ ኤርትራ፡ ምስ ጥንቁቕ ምምሕዳር፡ ሰሳኒ ሃገራዊ ልምዓት ኪድርኽ፡ ሕብረተ ሰብ ከማዕብል፡ ደረጃ መነባብሮ ህዝቢ ክብ ከብል ዚኽእል መጠነኛ ባህርያውን ሰብኣውን ጸጋታት ኣለዋ። ይኹን'ምበር፡ ብጠንቂ ሕማቕ መንግስቲ፡ ሰኣን ጽቡቕ ምሕደራ፡ ብሰሪ ክቱር ሕስድና ናይ ሓደ ውልቀ-መላኺ፡ ኤርትራ ኣብ መንጎ እተን ኣዝየን ዚደሓራ፡ ኣዝየን ዚደኸያ፡ ኣዝየን ዚተሓታ ሃገራት ዓለም ኪትስራዕ ኣዝዩ ዘሕፍር፣ መብዝሕትኡ ህዝባ ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ኩነት ናይ ሓሳረ-መከራ ኪነብር ኣዝዩ ዘሕዝን ክዉንነት ኢዩ።

ኣብዚ መበል 21 ዘመን፡ ብመቕነን ናይ ኲፖን ዚቕለብ ህዝቢ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ኢዩ። ንህዝቡ ከም ብቑዕ ክንክን ጥዕና፡ ግቡእ ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ኢንተርነት (Internet service)፡ ዚስተ ማይ፡ ዚብላዕ መግቢ፡ መብራህቲ፡ ጸዓት፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ ወዘተ.፡ ዚኣመሰሉ ኣድለይቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ህዝባዊ ኣቕሑን ከቕርብ ዘይክእል ወይ ዘይደሊ፣ እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ጥራይ ኢዩ። ኲነ ኢሉ ህዝቡ ዚበታትን፣ ኣብ እዋን ተዛማዲ ሰላም፡ ኣፍራዪ ሓንጎልን ዓያዪ ጕልበትን መንእሰያት ኣብ ሕጋዊ ገደቡ ዚጠሓሰ ደረት-ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘባኽን፡ እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ጥራይ ኢዩ። ንሰብ መዚ መንግስትን ተራ ዜጋታትን ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ዚኣስርን ብዘይ ክሲ ኲነ ፍርዲ ንዘይተወሰነ እዋን ዚምቕሕን እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ጥራይ ኢዩ።

ነቲ ንነዊሕ እዋን ዚጸንሐ ኣዋጣሪ ሕጽረት መንበሪ ኣባይቲ ዘጋድድ፡ ንልዕሊ 16 ዓመታት ዚቕጽል ዘሎ እገዳ ህንጻት ኣባይቲ ዘስገድድ፣ እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ጥራይ ኢዩ። ሕንሕነ ናይቶም ኣብ እዋን ግፋ ኣብ ገዝኦም ዝሰኣኑ ውሉዳት፡ መንበሪ ኣባይቲ ስድርኦም ብምዕሻግ፡ ንምልእቲ ስድራቤት፡ ምስ ህጻውንታ፡ ናብ ጽርግያ ዝድርቢ፡ እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ጥራይ ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ሎሚ ዳርጋ ኩሉ ሰብ፡ ተራ ዜጋ ይኹን በዓል ስልጣን መንግስቲ፡ ደላይ ለውጢ ኢዩ፤ ብዚቕልጠፈ ዚበለጸ። ኣብዝሓ ህዝቢ ኤርትራ ኲነ ሰበስልጣን መንግስቲ፡ ንኣመና ነዊሕ እዋን፡ ብስግኣት ሃገራዊ ድሕነትን ኣንጻላላዊ ደመና ኲናትን ዚተጕልበበ፡ ኣረሜናዊ መድቈስትን ሜላ መቓቒልካ ግዛእን ብዘስረጾ ፍርሕን ሓድሕዳዊ ዘይምትእምማንን ጂሆ ተታሒዞ ጸኒሖን ኣሎን። ብዚተረፈ፡ በቲ ህሉው ዘቤታዊ ክዉንነት ኲነ ኣህጕራዊ ቍመና ኤርትራ፡ ምናልባት ኣዝዮም ውሑዳት እንተ ዘይኰይኑ፡ ዕጉብ ወይ ሕጉስ የለን። ከመይ ኢሉ'ሞ መብዛሕትኡ ኤርትራዊ በቲ ኣብ ሃገሩ ዘሎ ሕማቕ ሰብኣዊ ኩነት ሕጉስ ኪህሉ፧

ካብቲ ከምዚ ዚኣመሰለ ኣደራዕ መድቈስቲ፡ ምንቕልቓልን ድኽነትን ንምግልጋል እንታይ ኪግበር ይግባእ፧

ብቐዳምነት፡ ብኤርትራዊ ዋንነት ዚሰላሰል ሃገር-በቈል ለውጢ ንምድራኽ ዚሕግዝ ኩሉ ዚከኣል ጻዕሪ ምግባር።

ካልኣይ፡ ቅዋማዊ ምሕደራ ምትካል፣ ግዝኣተ ሕጊ ምስፋን፣ ኣቀዋውማ መሓውራት መንግስቲ ምትዕርራይ፣ ሓድሕዳዊ መዝነታት ቀንዲ ጨናፍር፡ ኣካላትን ትካላትን መንግስቲ ተሓታትነት ብዘረጋግጽ ኣገባብ ተግባራዊ ምግባር።

ሳልሳይ፡ ቅልጡፍ ሕውየትን ሰሳኒ ልምዓትን ዚድርኽ ሓድሽ ቀጠባዊ ምሕደራ ምትእትታው፣ ኣብ ኣሰራርዓ፡ ቅርጽን ኣመሓዳድራን ቍጠባዊ ትካላት፣ ኣብ መዝነታት ብሕታውን መንግስታውን ጽላታት፣ ኣብ ተገባብሮ ሓይልታት ማእቶትን ዝምድናታት ማእቶትን ለውጢ ምምጻእ።

ራብዓይ፡ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ኤርትራ ኲነ ምስ ኵለን ጐረባብቲ ሃገራት ነባሪ ሰላምን ምሕዝነታዊ ዝምድናን ብዘውሕስ ኣገባብ ኣህጕራዊ ዶባት ኤርትራ ምምልካት። ብፍላይ ምስ ኢትዮጵያ፡ ብክልተኣዊ ስምምዕ፡ ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት፡ ምስ መምርሒታት ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘሳኒ መንገዲ፡ ነቲ ዶብ ምድራትን ብቕልጡፍ ምምልካትን። ስዒቡ፡ ሰራዊታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብቲ ነናቶም ወገን ናይቲ ሓባራዊ ዶብ ምውፋር።

ምስዚ ኣተሓሒዙ፡ ኵሉ ሓርነት፡ ፍትሕን ራህዋን ህዝቢ ኤርትራ ዚምነ ሃገራዊ ኤርትራዊ፣ ደጋፊ፡ ተቓዋሚ ይኹን ስቕተኛ ተዓዛቢ ብዘየገድስ፦

(1) ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ኪጣበቕ።

(2) ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ ሕጊ ዚኽተል፡ ፍትሒ ዘመሓድር፡ ሓርነትን መሰላትን ዜጋታት ዘውሕስ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምትካል ኪሰርሕ።

(3) ሓቛፊ ልምዓት ዚድርኽ፡ ሃብቲ ዚፈጥር፡ ራህዋ ዘስፍን ቀጠባዊ ምሕደራ ንምምጻእ ብንጥፈት ኪቃለስ።

(4) ንዚኾነ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ዚቐንዕ ባዕዳዊ ተጻብኦ ይኹን ህላዌኣዊ ስግኣት ብትሪ ኪቃወም፤ ብጹእ ሞራላዊ ሓላፍነት ከም ዘለዎ ኣዘኻኽር።

ኣህጕራዊ ኮም ብወገኑ፡ (1) ነቲ ብክልተኣዊ ስምምዕ ኪፍጸም ዚግባእ ምድራትን ምምልካትን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኪድግፍን ኣብ ምስላጡ ኪተሓባበርን፤ (2) ምዙን ዘይሻራዊ መርገጺ ብምሓዝ፡ ንመዋቕራዊ ቅልውላው ኢትዮጵያ፡ ኣብ ግዝኣተ ሕጊ ዚምርኰስ፡ ንኹሎም ተቐናቐንቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ዚሓቍፍ፡ ተሓታትነት ዘረጋግጽን ፍትሒ ዘመሓድርን ነባሪ መዕለቢ ኣብ ምንዳይ፡ ከም ቅኑዕ መንጎኛ (honest broker)፡ ሃናጺ ተራ ንኪጻወት ኣማሕጽን።

ኣብ መወዳእታ፡ 2023 ዓመተ ሰላም፡ ዓመተ ለውጢ፡ ዓመተ ፍትሒ፡ ዓመተ ራህዋ ኪትኾነልና እትምነ።

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2023!
ዕድመ ንናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ!
ዘልኣለማዊ ሓበን ንጀጋኑ ሰማእታትና!
ፈጣሪ ንኤርትራን ህዝባን ይባርኽ!